Patientinformation - Tigrinja

# ንዓኻ፣ ምርመራ እትገድ ፍ ሰብ

ተሓካማይ ከም ምኳንካ መጠን፣ መብዝሕትኡ ግዘ፣ ንኣብነት ናይ ደም (blodprov) ወይ ናይ ቅንጣብ ስጋ (vävnadsprov) ዝኣመሰለ ምርመራታት ገዲፍካ ትኸይድ። ኣብቲ ብሓልዮት ምምሕዳር ወረዳዊ ባይቶ ዝካየድ ናይ ጥዕና ምቁጽጻር' ውን፣ ምርመራታት ይውሰድ እዩ። ብልሙድ ኩነታት፣ ሓድ ሓደ ካብቲ ምርመራታት ኣብ "ብዮ ባንክ" ዝበሃል ማህደር ይዕቀብ እዩ። "ብዮ ባንክ"ዝበሃል ካብ ኣገልግሎት ሕክምና ንምርመራ ዝውሰድ ናየ ደም፣ ወይ ናይ ዋህዮ ወይ ካልእ ናይ ቅንጣብ ስጋ ምርመራታት፣ ካብ ክልተ ወርሒ ንላዕሊ ጊዘ ዝዕቀበሉ ቦታ ኮይኑ፣ ነፍሲ ወከፍ ምርመራ ምዝጉብ ስለ ዝኾነ፣ ናይ መን ምኳኑ ፍሉጥ እዩ።

## ምርመራታት ንኽዕቀብ ዘድልየሉ ምኽንያታት

ካባኻ እንወስዶ ምርመራታት ክንዕቅቦ ኣገዳሲ እዩ፣ ስለ ምንታይ፣

- እቲ ዝተገብረልካ ሕክምና ከሕውየካ ምስ ዘይኽእል፣ እቲ ዝተዓቀበ ምርመራታት ከም ብሓድሽ ክንምርምሮ ንኽእል።
- እቲ ዝተዓቀበ ምርመራ ምስ ሓድሽ ዝተወስደ ምርመራ ብምንጽጻር፣ ሕማምካ ብዝበለጸ ክንርደኦ ንኽእል።
- ዝተዓቀበ ምርመራ ናብ ፉሉይ ክኢላ ሰዲድና ከም ዝዕዘቦ ንገብር።
- ብምክትታልን ብምጽናዕን ተላጋቢ ሕማም ከይለዓል ንካላኸል።
- ኣገባብ ኣሰራርሓና ንኽንቁጻጸርን ንኽነምዕብልን ይሕግዘና።
- ኣብ ኣገልግሎት ሕክምና ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ንዕልም።
- ስነ ምርምር ብምክያድ፣ ሕማም ከይለዓል ምክልኻልን ምፍዋስን ብዝበለጸ ደረጃ ክእለትና ክነማዕብል ንኽኣል።

## መንነትካን ምርመራታትካን ብምስጢር ዝተሓዘሉ ኣገባባት

ካባኻ ዝተወስደ ምርመራታት በገባብ ስለ ዝዕቀብ፣ ዘይምልከቶ ሰብ ክረኽቦ ኣይኽእልን። ምስቲ ምርመራታት ዝተተሓሓዘ ጸብጻብ መንነት ዝምዝገብ፣ ኣብ መዝገብ ተሓካሚን ኣብ ናይ ምረመራታት ፍሉይ መዝገብን እዩ። ምስጢራውነት ናይ ግላዊ ጸብጻብ መንነትካ ዝሕሎ፣ በቲ ሚስጢር ናይ ምዕቃብ ዝምልከት ሕጊ (sekretesslagen)፣ ናይ ሕክምና መዛግብ ሕጊ(vårdregisterlagen) ከመኡውን ብዛዕባ ግላዊ ምሲጢራት ምዕቃብ ዝምልከት ሕጊ(personuppgiftslagen) እዩ።

ካብ ሰብ ዝተወስደ ምርመራታት ክሸየጥ ክልወጥ ኩልኩል ስለ ዝኾነ ፣ እቲ ኣብ "ብዮ ባንክ" ዝዕቀብ ምረመራታ ት ንንግዲ ንኻልእ ኣካል ኣይወሃብን እዩ ።

## ስነ ምርምር

ሓድ ሓደ ምርመ ራታት ንሕክምናዊ ስነ ምርምር ኣዝዩ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝኾነ ናይ ስነ ምርምር ፕሮጀክት ክጅመር ዝከኣል፣ ሓደ ናይ ስነ ምርምር ቅጥዕነት ሽማግለ ምስ ፈቐደ እዩ። እዚ ሽማግለ እዚ ዝፈቅድ ድማ፣ እቲ ናይ ስነ ምርምር ፕሮጀክት፣ ንኣገልግሎት ሕክምና ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝረኽቦን ከምኡውን ክብሪ ናይቲ ሰብ ከይተንከፈ ክካየድ ዝኽእል ምኳኑ ምስ ኣረጋገጸ እዩ።

## ባእልኻ ኢኻ እትውስን

ተሓካሚ ከም ምኳንካ መጠን፣ ምርመራታትካ ንምንታይ ጥቕሚ ክውዕል ከም ዝኽእል እትውስን ባዕልኻ ኢኻ። ብዛዕባ "ብዮ ባንክ" ዝምልከት ሕጊ ዝብሎ፣ ከም ተሓካሚ ሓበሬታ ንዓኻ ተዋሂቡካ፣ ምርመራታትካ ንኽዕቀብ ከመኡውን ንምንታይ ጥቕሚ ክውዕል ፍቓደኛ ምኳንካ ክትገልጽ እዩ። ምርመራታትካ ንኽዕቀብ ፍቓድካ ሂብካ እንተኾንካውን፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ሓሳብካ ክትቅይር ትኽእል ኢኻ። እታ ክትቅይራ ዘይትኽእል ውሳነ፣ ምርመራታተይ ክዕቀብ ኣይፈቅድን እትብል ውሳነ ጥራሕ እያ።

ኣብቲ ምርመራታት ዝውሰደሉ እዋን፣ ፍቓደኛ ምኳንካ ትሕተት። ርግጸኛ ምስ ዘይትኸውንሞ፣ ክትሓስበሉ ምስ ትደሊ፣ ንጊዚኡ ይተዓቀብ ዝብል መልሲ ክትህብ ኢና እንመኽረካ። ድሕሪኡ፣ ኣብ ዝደለይኻዮ እዋን፣ እታ እተውሃበትካ ፍቓደኛ ዘይምኳንካ መግለጺ ወረቀት ብምስዳድ ሓሳብካ ከም ዝቐየርካ ትገልጽ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ትደሊ፣ ንሓኪምካ ሕተቶ።

**Regionalt biobanksregister**
**Universitetssjukhuset i Lund**
**221 85 Lund**
**Tel: 046-17 75 19**

Landstinget Halland
Landstinget Kronoberg
Region Skåne
Landstinget Blekinge
Regionalt biobanksregister Södra sjukvårdsregionen

2005-06-27